# ክልተ ኣጋጣሚ ኣብ ሓደ እዋን

ብያሬድ ተስፋይ

ፈስቲቫል ዝብል ቃል ክልዓል ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ኤርትራውያን ዝምጽእ ድሙቕ ተዘክሮ ኣሎ - ፈስቲቫል ቦሎኛ ! ፈስቲቫል ትስፉዋት !
እቶም ብ1974 ዓ.ም. ኣብ ኢጣልያዊት ከተማ ቦሎኛ ብዛዕባ ሃገራዊ ጉዳዮም ዝተኣኻኸቡ ነቲ ነውሕ ጉዕዞ በታ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ከም ዝትግብሩዎ ኣሚኖም ብዓይኒ ብርኪ ከይተሃከዩ ነቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሖም ኮላፍ መገዲ ንኺይብርከኹሉ ወሲኖም ብተስፋ እዮም ነቒሎም፣
መዕረፊኦም ስለ ዝፈልጡ ድማ ብብስለት ገጢሞሞ፣ ትስፉዋት መጻኢኦም ይረኣዮም እዩ። ስለ ምርኣይ ጥራሕ ግን ኣይኮነን። ኣብ ቅድሚኦም ቋሕ ዝበለ ብርሃን ኣሎ፣
ንኤርትራውያን ፈስቲቫል ከምቲ ሓያለይ ገርሀኛታት ዝሓስቡዎ ብላዕ ወስተ እናበልካ ብፋንታዝያ ጥራሕ እትቕንይሉን ቅነ ኣይኮነን፣
ፈስቲቫላትና ህዝቢ ሃገራዊ መንነቱ ዘራጋግጸሉ ባህልናን ያታናን እናበራበርና እነንጸባርቐሉን እንዕቅበሉን ኣብ ነንሕድሕድና ዘለና ተመኩሮታት እንለዋወጠሉ ብዓቢኡ ድማ ንሃገራዊ ነጽነትናን ንስራሕን ዘለና ኽብሪ እንገልጸሉን ሃገራዊ ንግደት ሙኻኑ ኸኣ ድምር ናይ ዝመጻእናዮም መንገድታትን - ዘመሓላልፍዎ ሓደን ንጹርን መልእኽቲ እዩ፣
ሓደ ካብቲ ዓቢ ዓወታትና ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓበዩ ህጻናትን መንእሰያትን ሳላ ልዑል ፍቕሪ ሃገርን ውርሻ ውጽኢት ፈስቲቫላትና ካብ ተሳተፍቲ ናብ ኣካየድቲ ፈስቲቫላት ምስግጋሮም እዩ፣

ሎሚቕነ እውን ከም ወትሩ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ቅነ ፈስቲቫላት ክካየድ እዩ ጸኒሑ፣ ከም መቐጸልታ እውን ካብ ዕለት 29 — 31 ነሓሰ 2008 ኣብ ከተማ ለንዶን ዓባይ ብሪጣንያ <u>Lee Valley Leisure Centre, Edmonton N9 0AS</u> ኣብ ትሕቲ “መኸተና ዋሕስ ህላወናን ገስጋስናን” ዝብል ጭርሖ ንቦሎኛ ዘዘኻኽር ትሕቲ ቕርጺን መደባትን ዝተፈላልየ ቁሸታት ነቶም ናይ ጽባሕ ወረስቲ ህጻናትን መንእሰያትን ዝስሕብ ናይ ኣሰር መደባት ኣንቂሉ ኣሎ፣

መላግቦ ትማሊ - ሎሚ - ጽባሕ ! ፈስቲቫል ትስፉዋት !

ፈስቲቫል ዓባይ ብሪጣንያ ፍሉይ ካብ ዝገብሮ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት እቲ ኻልኣይ ኣጋጣሚ ተዘክሮ መበል 47 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ባሕቲ መስከረም ምኻኑ እዩ፣
ኣብ ናይ መኽፈቲ መደብ ዓርቢ ዕለት 29 ነሓሰ 2008 ብስም ድምጺ ኣዳል ንገዛእትን መስፋሕፋሕትን ስርዓታት ኢትዮጵያ ሰላማውን ሕጋውን ኣገባባት ስለ ዘየዋጽኦ ንሕቶታትና ጸማም እዝኒ ስለ ዝሃቡዎ ኤርትራውያን ዘይምርጫና ብረት ከነልዕልን ክቡር ዋጋ ክንከፍልን ተገዲድና - እተን ዝተነፈጋና ሰብኣዊ መሰልን ናጽነት ኤርትራን ድማ ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት ከቢድ ዋጋ ብምኽፋል ንኤርትራዊ ብዘሐብን ንፈታዊ ብዘስደምም ንጸላኢ ድማ ርእሱ ብዘድንን ውጽኢታት ዓወት ዝገልጽ ፍሉይ ናይ መኽፈቲ መደብ ብሽም ድምጺ ኣዳል ክህሉ እዩ፣
ናብዚ ሕላጋት መንነትና ዝኾነ ሻሙናይ ፈስቲቫል ኤርትራ ለንደን ዓባይ ብሪጣንያ ካብ ርሑቕን ቀረባን ገጽ ንገጽ ንኽረአአ ይትስሮ፣
ንግደትና መንነትና ! ፈስቲቫል ትስፉዋት !

ሰናይ ቅንያት ፈስቲቫል !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!